# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ንጕማረታት ጸጕሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት

Skriven av: Basilio Gimo, David Ker
Illustrerad av: Carol Liddiment
Översatt av: Daniel Berhane Habte


Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.

Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0/deed.sv

# ንጕማረታት ጸጕሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት



Basilio Gimo, David Ker
Carol Liddiment
Daniel Berhane Habte
tigrinska
nivå 2



ሓደ መዓልቲ፡ ማንቲለ በቲ ገምገም ፈለግ ይዛውን ነበረ።



ጕማረ’ውን ኣብኡ ነበረት፡ ትዛወርን ገለ ልሙዕ ሳዕሪ ትበልዕን።



ጉማረ ነቲ ማንቲለ ኣብኡ ከምዝነበረ ኣይርኣየቶን'ሞ ብወዝቢ ኣብ እግሪ ማንቲለ ረገጸት። ማንቲለ ነታ ጉማረ እናወጨጨ፡ "ኣቲ ጉማረ! ኣብ እግረይ ረጊጽኪ ከምዘለኺ ክትርእዪ ኣይትኽእልን?" ክብላ ጀመረ።





ናይ ጉማሪ ጸጉራ ብምንዳዱ ማንቲለ ተሓጐሰ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ካብ ሓዊ ብምፍራሕ፡ ጉማረ ብፍጹም ካብ ማይ ኣርሒቓ ኣይትኸይድን እያ።



ጉማረ እናኣእወየት ናብቲ ማይ ክትጐዩ ጀመረት። ኩሉ ጸጉራ በቲ ሓዊ ሓሪሩ እዩ። ጉማረ ብኽያታ ቀጸለት፡ “ጸጉረይ ብሓዊ ነዲዱ! ኩሉ ጸጉረይ ረጊፉ! እዚ ጽቡቕ ጸጉረይ!”





ጉማረ ንማንቲለ ከምዚ ኢላ ይቕሬታ ሓተተቶ፡ “ኣይትሓዘለይ። ኣይርኣኹኻን። በጃኻ ይቕሬታ ግበረለይ!” ማንቲለ ግና ክሰምዕ ኣይከኣለን ንጉማረ ድማ፡ “ደይመደይ ኢልኪ ዝገበርክዮ እዩ! ሓደ መዓልቲ፡ ክትርእዩ ኢኺ! ዕዳኺ ክትፍደዪ ኢኺ!” ክብል ኣንጸርጸረላ።



ማንቲለ ንሓዊ ክረኽቦ ከደ፡ ከምዚ ድማ በሎ፡ “ኪድ’ሞ፡ ጉማረ ሳዕሪ ኽትበልዕ ካብቲ ማይ ምስወጸት ኣንድዳ። ረጊጸትኒ እያ!” ሓዊ ድማ፡ “ጸገም የለን፡ ማንቲለ ዓርከይ። ልክዕ ከም ዝሓተትካኒ ክገብር እየ።” ኢሉ መለሰሉ።





ዳሕራይ፡ ጉማረ ካብቲ ፈለግ ርሒቓ ሳዕሪ እናበልዐት ከላ፡ “ሸው!” ሓዊ ተባሪዑ ሃልሃል በለ። እቲ ሃልሃልታ ነቲ ናይ ጉማረ ጸጉሪ ከንድዶ ጀመረ።